# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.193 ሰንበት 13 ሚያዝያ 2025 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 ከተማ ፔትራ



ገጽ 4 ካዳስትራዊ ስርዓት . . .



ገጽ 5 ካብ ተመኩሮታት መጕዓዝያ



ገጽ 7 ናይ ኢድ ሰላምታ




## ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ፡ ልምዓታዊ መደባት ተዓዚቡ



ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ - ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዒዲ-ተክሌዛን ዝሰላሰል ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ንምዕዛብ ኣብ ዝገበሮ ዑደት፡ ምስ ዝምልከቶም ኣካላትን ህዝብን ተመያየጠ።

ኣብ'ቲ ብሓለፍቲ ክፍልታት ዞባን ሞያውያንን ተሰንዩ ብ8ን 9ን ሚያዝያ ዝገበሮ ዑደት፡ ኣምባሳደር ዓብደላ፡ ኣብ ከባቢ ዴጋ ደቂ-ጉብሩ ሕርሻዊ ልምዓት ንዘካይዱ ዘለዉ ሓረስቶት ድሕሪ ምትብባዕ፡ ጥብ ዝበለት ማይ ንምዕቃብን ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽን ዝውደብ ዘሎ ወፈራታት ብዝለዓለ ክድፋኣሉ ኣዘኻኺሩ።

ካብ ሓወሲ ከተማ ዒዲ-ተክሌዛን ተበጊሱ ንምምሕዳራት ከባቢ ደቂ-ጉብሩን ዋራን ሰንጢቑ ናብ ምምሕዳር ከባቢ መዓልዲ ኣብ ዝኣቱ 20 ኪሎሜተር ናይ ሓመድ ጽርግያ ንዘሰላስል ዘሎ ንጥፈታት ድሕሪ ምዕዛብ ድማ፡ መናድቑ ጽኑዕ ክኾኑ መጠን ውሑጅ ካብ ግቡእ ንላዕሊ ክፍልታትን ክወደዱሉን ተሓቢዩ።

ሕጽረት ዝስተ ማይ ሓወሲ ከተማ ዒዲ-ተክሌዛን ንምፍታሕ፡ መደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብዝለዓለ ክትግበሩ ዘዘኻኸረ ኣምባሳደር ዓብደላ፡ ብተሳትፎ ኮም ኣብ መዓኢታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ደቀምሓረ ዝሰርሕ ዘሎ 11 ተወሰኽቲ ክፍልታት፡ ቤት-ጽሕፈትን መንበሪ መምህራንን በጺሑ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ኣብ ግራት ሓረስቶት ዝተጐበረ ወፈራታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ምፍዋስ ማይ-ኩዓታትን መደባት ምግራብን ጸቢቖ ወጽኢት ስለዘተረኽበ፡ ብዝለዓለ ክስርሓሉ ጸዊዑ።

## ዓረዛ - ንመምህራንን ቀደመ-ትምህርቲ ስልጠና ተዋሂቡ

ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ዓረዛ፡ ንመምህራን ቀደመ-ትምህርትን ሱፐርቫይዘራትን ኣብ ምሕደራ ኣብያተ-ትምህርትን ኣገባብ ሱምምህርናን ዘተኩረ ስልጠና ሂቡ።

እቲ ካብ 2 ክሳብ 6 ሚያዝያ ዝቐጸለ ስልጠና፡ ንኣገባብ ኣመሃህራን ዕቃብ ሱዳትን ከምኡ'ውን ሜላታት ኣተኣላልያ ተመሃሮ ዝምልከት ኩይኑ፡ ምስ ምስፋሕ ትካላት ቀደመ-ትምህርትን ምምሕያሽ ኣገባብ ምህሮን ሓጋዚ ተራ ከም ዝህልዎ ተገሊጹ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ተስፋሃይወት ወልደገርግሽ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዝርጋሐ ትካላት ቀደመ-ትምህርቲ ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት ብዝጸፈ ከም ዝዓበየ፡ ብኡ መጠን ድማ ቁጽሪ ተመሃሮ ብ89 ሚእታዊት ክብ ከም ዝበለ ብምሕባር ኣገዳስነት'ቲ ስልጠና ርዱእ ከም ዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ፡ ኣብ ፈለማ ዓመታት ናጽነት ሰለስተ ጥራይ ዝነበረ ቁጽሪ ትካላት ቀደመ-ትምህርቲ፡ ኣብዚ እዋን ናብ 18 ክብ ኢሉ ምህላዉ፡ ሱዳት ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ የጽርኡ።

## ማእከል - ንብሉጻት ተመሃሮ ሽልማት ፊተውራሪ ተዓዲሉ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ብምትሕብባር ሃገራዊ ሓጎሰ ምስ ምምሕዳር ዞባን ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርትን፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዓመተ-ትምህርቲ 2023/20224 ብሉጽ ወጽኢት ንዘመዝገቡ 241 ተመሃሮ ሽልማት 'ፊተውራሪ' ተዓዲሉ።

ትማሊ 12 ሚያዝያ ኣብ ኣዳራሽ ኤክስፖ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ እቶም 61 ሚእታዊት ደቀኣንስትዮ ዝርከብዎም ብሉጻት ተመሃሮ፡ ካብ 90 ንላዕሊ ነጥቢ ዘመዝገቡ ምዃኖም ተገሊጹ።

ካብ ጠቕላላ ንሽልማት ዝበቕዑ፡ 3 ደቀኣንስትዮ ዝርከብዎም 5 ሃገርም ተመሃሮ 100 ካብ 100 ብምምዝጋቦም፡ ተሸለምቲ ዋንጫን ታብለትን ከኸኑ በቒዖም።



ሰኣላይ ዮውሃንስ መብራህቱ

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ መምህር በላይ ሃብተጊዮርጊስ ተመሃራይ ብሉጽ ነጥቢ ከመዝግብ ዘኽእሎ ረቛሒታት፡ ኣብ ርእሲ'ቲ መምህሩ ዘሰነቖ ፍልጠት፡ ናቱ ጻዕርን ናይ ወለዱን ኣለይቱን ምክትታልን ደገፍን ከም ዝኾነ ብምጥቃስ፡ ተራ ወለዲ ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ሃገራዊ ሓጎሰ ኣቶ ሳምሶም ክፍለ ብወገኑ፡ ትምህርቲ እምንቱርናዕ ምዕባለን ስልጣነን ስለዝኾነ፡ ተጋዳስነትን ብቕዓትን ተመሃሮ ክብ ንምባል፡ ምስ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብምትሕብባር ዕቱብ ጻዕራታት ይካየድ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

ኣቦመንበር ሃገራዊ ሓጎሰ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ኣብ ዝሃቦ መዘኻኸሪ ቃል፡ እቲ ዕለት ብዘይካ'ቲ ኣብ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝምዝገብ ዘሎ ኽንጋት፡ ኣብ መንጎ ከተማን ገጠርን ዝጸንሐ ናይ ወጽኢት ጋግ እናጸበበ ይኸይድ ምህላዉ ብቐሊል ክትርዳእ ዝሕግዝ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ንዕወታት ተመሃሮ፡ ወለድን መምህራንን "የቐንየልና" ኢሉ።

ተሸለምቲ ንኤሪና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ረኺቦም ዘለዉ ሽልማት ተተባቢዖም፡ ዝቐጽል ጉዕዞ ትምህርቲ ብዓወት ንምዝዛም ቃል ኣትዮም።

ዜና

# ኣብ ሆስፒታል ኦሮታ፡ መጥባሕቲ ገጽን መንጋጋን ይካየድ ኣሎ

ኣብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ፡ ብምትሕብባር ኤርትራውያንን ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝመደበሩ ‘ሰርጀንስ ፎር ስማይልስ’ ዝተሰምየ ጉጅለ ሓካይምን፡ መጥባሕቲ ገጽን መንጋጋን ይካየድ ኣሎ።

ኣብዚ ካብ 6 ክሳብ 12 ሚያዝያ ዝካየድ ዘሎ መደብ፡ ንመጠልቲ 310 ሕሙማት እናተቐበሉ፡ ዛጊት ንልዕሊ 50 ሕሙማት መጥባሕቲ ከም ዘካየዱ፡ ካብ ምምሕዳር ሆስፒታል ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ንጉጅለ ሓካይም ‘ሰርጀንስ ፎር ስማይልስ’ ጠርኒፉ ዝመጸ ዶ/ር ኤድዋርድ ዘቖቑም ዘለዉ እቲ መጥባሕቲ መቓጸልታ ናይ’ቲ ካብ 2007 ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ እናተመላለሱ ዘካይድዎ ናይ መጥባሕትን ስልጠናን መደብ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ጉድኒ-ጉድኒ’ቲ ናይ መጥባሕቲ ኣገልግሎት፡ ንኤርትራውያን ሓካይም የስልጥኑን ተመኩሮ የካፍሉን ከምዘለዉ ብምጥቃስ ድማ፡ ኣብ መጻኢ ነቲ ናይ ስልጠናን ትምህርትን መደባት ብዝለዓለ ክደፍኡሉ ምኳኖም ኣብሪሁ።

ኣብዚ መጥባሕትን ስልጠናን ዘጠቓልል መደብ ዝሳተፉ ዘለዉ ኤርትራውያን ሓካይም ብወገኖም፡ እቲ ዝካየድ ዘሎ መጥባሕቲ ንዘጋጥሞም ክእለት ከበርኽ፡ ከምኡ’ውን ተኣታትዩ ምስ ዘሎ ሓደሽ ኣሰራርሓን ቴክኖሎጅን ንኽላለዩ ከምዝሕግዞም ገሊጾም።

ኣብዚ ግዜ’ዚ ብዙሓት ክኢላታት ናይ’ቲ ዓውዲ ይፈርዩ ምህላዎም ዝገለጸት ክኢላ መጥባሕቲ ስኒ፡ ገጽን መንጋጋን ዶ/ር ላይሽ ጉብረሂወት ድማ፡ ማዕረ-ማዕረ’ቲ ዝካየድ ዘሎ መደብ፡ መንእሰያት ሓካይም ካብ’ቶም ወጻኢተኛታት ተመኩሮ ብምቕሳም፡ ኣብ መጻኢ እቲ መጥባሕቲ ብውሽጣዊ ዓቕሚ ዝካየደሉ ባይታ ንምጥጣሕ ዓሊሞም ይሰርሑ ከምዘለዉ ሓቢራ።


ሰኣሊ. የውሃንስ መብራህቱ

# ሰንዓፈ - ህንጻ ኤሪ-ቴል ይስራሕ


ሰኣላይ መሓመድ ኣይፈራሕ

ኣገልግሎት መራኸብታት ንምስፋሕን ስሉጥነት ንምርግጋጽን፡ ኣብ ከተማ ሰንዓፈ - ብምውህሃድ ኩባንያ ህንጻ ሰገን፡ ሓይልታት ምክልኻልን ህዝብን፡ ብኣስታት 11 ሚልዮን ናቕፋ ህንጻ ኤሪ-ቴል ይስራሕ ኣሎ።

እቲ ኣብ ሳልሳይ ርብዒ ዓመተ 2024 ዝጀመረ ስራሕ 60 ሚእታዊት በጺሑ ከምዘሎ ዝሓበሩ፡ ነቲ ስራሕ ዝከታተሉ ዘለዉ ኢንጅነር ክብሮም ጉብረሂወት ካብ ኤሪ-ቴልን ጆሜትራ ሚከኤል ጉብረእግዚኣብሄር ካብ ኩባንያ ሰገንን፡ እቲ ኣብ 1,900 ትርብዒት ሜትሮ ዝተደኮነ ህንጹ ንዝተፈላለየ ኣገልግሎታት ዘገልግል ክፍልታት ዘጠቓልለ ምኳኑ ሓቢሮም።

ነቲ ህንጻ ኣብ’ቲ ዝተወጠኖ ግዜ ንምዝዛም፡ ነበርቲ ሰለስተ ምምሕዳራት ከባቢ ከተማ ሰንዓፈ ተወፍዮም እኽሉ-ማይ ብምድላው፡ ኣብ’ቲ ስራሕ ተዋፊሮም ንዘርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ሰራሕተኛታትን ከምዘተባብዕዎም፡ ካብ ምምሕዳር’ቲ ንኡስ ዞባ ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፉኣለም የማነ

ቁ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጸ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቁ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**

ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳ.ጸ. 1284


# ዓሰብ - ሃገራዊ ዓውደ-ዘተ ባህላዊ ውርሻ ተኸፊቱ

ሃገራዊ ዓውደዘተ ባህላዊ ወርሻ፡ “ባህላዊ ዕብየትና፡ ቀንዴል ምዕባለና” ብዝብል ቴማ፡ ሎሚ 11 ሚያዝያ ኣብ ዓሰብ - ኣዳራሽ ብሌንትማ ተኸፊቱ።

እቲ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ፡ ኣዛዚ እዚ ምብራቕ ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃም ዓንደም፡ ከምኡ’ውን ሱልጣን ራሓይታ ዓብደልቓድር ዳውድ ዝተረኽብሉ መኽፈቲ ስነስርዓት፡ ብያታዊ ትልሂት ዝተሰነየ ነይሩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ-ስዒድ ማንታይ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ስልጡን ሃገራዊ ባህሊ መሰረት ምዕቡል ቁጠባን ስልጡን ፖለቲካዊ ስርዓትን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ካብ’ቲ ሃብታም ባህላዊ ወርሻታትና ነቲ በብእዱ እናኣማዕበልና ክንርዕሞ፡ ነቲ ኣሉታውን ጎዳእን ድማ ብንቕሓት ክንቃለሶ ስለዘኾኖ፡ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ብትግሃት ክሰርሕ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ - ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ወ/ሮ ሓዋ መሓመድ ብወገና፡ እቲ ዓውደዘተ ኣብ’ቲ ዞባ ምኻዱ ረዚን ትርጉም ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ንዓወቱ ንዘጻዓሩ ኣካላት ኣመስጊና።

ኣብ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ሓላፊ ጨንፈር ምርምር ስነጥንታዊ ወርሻ ዶ/ር ጺጋይ መዲን ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ሃገራዊ ዓውደዘተ - ኣካልን መቐጸልታን ናይ’ቲ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኣብ ዕቃብ ባህላዊ ወርሻ ክካይዶ ዝጸንሐ ዘተባብዕ ንጥፈታት ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ኣፍልጦ ሕብረተሰብን መሻርኽቲ ኣካላትን ንምብራኽ ዝዓለመ ምኳኑ ገሊጹ።

እዚ ክሳብ 13 ሚያዝያ ዝካየድ ሃገራዊ ዓውደዘተ፡ ኣብ ኣካላዊ ባህላዊ ወርሻ፡ ረቂቕ ባህላዊ ወርሻን ቤተ-መዘክርን ዘተኮረ ብጠቕላላ 13 መጽናዕታዊ ጽሑፋት፣ ምስ ትሕዝቶ ባህላዊ ወርሻ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕርን ሓፈሻዊ ታሪኽ ከተማ ዓሰብን ዝኣሊ ክልተ ጽሑፋት፣ ከምኡ’ውን ዑደት ምስ’ቲ ዓውደዘተ ምትእስሳር ናብ ዘለዎ ቦታታት ዝርከቦ መደባት የጠቓልል።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮቢክስ |
| 09:40 | ፊዮሪና |
| 10:30 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ሜኢገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ ቀጥታ |
| 13:40 | ቁስተ-ድሕነት |
| 14:00 | ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 17:20 | ፊልም ፈንቅል |
| 17:55 | መደብ ዋልታ |
| 18:35 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ሓፈሻዊ ፍልጠት ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዓለም ስነ ጥበብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ዳህሳስ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:15 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ጸባቐ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# መዘናግዒ

ማርታ ክብሮም

## ከተማ ፔትራ



ከተማ ፔትራ፡ ኣብ ኣጻድፍ ደቡባዊ የርዳኖስ ተደኲና ዝበረት ካብ እምኒ-ሓጺ ተጸሪቦም ብዝተሰርሑ ገዛውቲ ዝቘመት እያ። 'ፔትራ' ማለት ብቛንቋ ግሪኽ 'ከውሒ' ማለት'ዩ። ብልክዕ ነዛ ከተማ ዝሰማማዕ ስያመ ድማ'ዩ። ፔትራ ሓያሎ ዘመናት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ብናባታውያን ዝተባህሉ ነገደ ዓረብ ዝኾኑ ኣህዛብ ከም እተሃንጸት ይንገረሉ። ናባታውያን ብጽርበት እምኒ፡ ንግዲ፡ ሕርሻ፡ ምህንድስናን ስነ-ህንጻን ውሩያት'ዮም ነይሮም።

ኣብታ ከተማ ከኣ ናባታውያን ቤተ ጸሎት፡ መቓብር፡ ገዛውቲ፡ ኣዳራሻትን ሓጽብታትን ሃኒጾም ይነብሩ ነይሮም። ብዘወሳኺ ኣብ መተሓላለፊ መስመራት ንግዲ ናይ ቀረባ ምብራቕ ኸሎሐ ዝርአ ስልጣነ ማስራቶም ነበሩ።

ከተማ ፔትራ ናይቲ እዋን ማእከል መስመራት ቀመማትን ንግዳዊ ምንቅስቓሳትን ነይራ። ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ስልጣነኣ ኣብ ዝበጽሓትሉ ግዜ ንልዕሊ 20,000 ዝኾኑ ተቐማጦኣ ዝሰተ ጽሩይ ማይ ዝቐርበሉ ስርዓተ መትረብ ማይ ተዋዲዱላ ኣብ ኣገልግሎት ውዒሉ ነበረ።

እታ ከተማ ካብቲ ፈለማ ዝተረኽበትሉ መጀመርያ 1800ታት ኣትሒዛ ብቐጻሊ ክትፈሓርያ ጸኒሓ። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ድማ መቓብሮ ጥንታውያን ተቐማጦ ከተማ ፔትራ ቅድሚ 2000 ዓመታት እንታይ ይመስል ከም ዝነበረ ብደቂቕ መጽናዕቲ እናተገብረሉ እዩ ዘሎ።

## ማይ ብብዝሒ ምስታይ እንታይ ሳዕቤን ኣሎዎ?

ማይ ምስታይ ንጥዕና ዕዙዝ ረብሓ እኳ እንተሃለዎ፡ ካብ መጠን ንላዕሊ ምስዛዕውን ግን ጉድኢ እዩ። ኣብ ኣካላትካ ልዕሊ ንቡር ማይ ምስዛህሉ ወይ ልዑል መጠን ማይ ምስእትሰቲ ኣብ ሰብነትካ ሃይፖናትረምያ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኩነታት ይፍጠር። እዚ ማለት ኣብ ኣካላትካ ዝሀሉ መጠን ሶድየም ብኣዝዩ ሓደገኛ መጠን የንቈልቁል። ኣብ ገለ እዋን፡ እዚ ኩነታት 'ሰኽራን ብማይ' ተባሂሉ ይጥቀስ እዩ። ቀንዲ ምልክታት ናይዚ ድማ፡ ከም ተምላስ፡ ቃንዛ ርእሲ፡ ድኻም፡ ዕግርግር ምባልን ምዕዝዓዝ ገጽን ዝኣመሰሉ እዮም። ኣዝዩ ምስ ዝገድድ ከኣ ናብ ዕውሉትን ሃተፍተፍ ምባልን ከምርሕ ይኽእል። ብብዝሒ ማይ ምስእትሰቲ፡ ኣብ ኣካላትካ ከሚካዊ ዘይምዕርዩት ይፍጠር።

ከምኡ'ውን ብብዝሒ ማይ ምስታይ ንደምካ የቐጥኖን ኣብ ኣካላትካ ንዘሎ ምንቅስቓስ ኤለክትሮላይት የጉድሎን። ከም ውጽኢቱ፡ ማይ ኣብ ውሽጢ ዋህዮታትካ ይብዝሕ'ሞ ኣብ ኣካላትካ ሕበጥ የኸትል። ናብ ዋህዮታት ሓንጎልካ ብብዝሒ ማይ ምስ ውሓዘ፡ ኣብ ሓንጎልካ ጸቕጢ ብምፍጣር ንኣሰራርሓኡ ብኣሉታ ይጸልዎ። እዚ ከኣ ኣብ ባህርያትካን ኣተሓሳስባኻን ኣሉታዊ ጽልዋ የምጽእ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣዝዩ ምስ ዝበዝሕ ናብ ሞት'ውን ከብጽሕ ይኽእል።

ኣብ ሃሩር ዝመልኦ ኩነታት ኣየር ወይ ምንቅስቓስ ኣካላት ኣብ እተዘውትረሉ ግዜ፡ ብብዝሒ ማይ ክትሰቲ ትግደድ ኢኻ። ኣብ ኣዝዩ ውዑይ ኩነታት ኣየር ኣብ ዘለዎ ቦታ ምስራሕ፡ ኣብ ስፖርታዊ ንጥፈታት ምስታፍን ገለ ወሽጣዊ ሕማማትን ብብዝሒ ማይ ክትሰቲ ዝደርኹኻ ነገራት ክኾኑ ይኽእሉ። ግና ብዓቕን ክኸውን ኣለዎ፡ ንኩሊትካ ስራሕ ከተብዝሓሉ ግቡእ ኣይኮነን።

ብብዝሒ ማይ ከም ዝሰተኻ ብቐሊሉ ዘይክፍለጠካ ይኽእል እዩ። ሕብሪ ሽንቲ ግና ገለ ሓበሬታ ክህብ ይኽእል። ኣብ ኣካላትካ ብብዝሒ ማይ ምስዝሃሉ፡ ሽንቲ ብጭጨው ዝበለ ሕብሪ ክህልዎ እንከሎ፡ ማይ ብብዝሒ ኣብ እትሰትየሉ ግዜ ግና ሕብሪ ዘይብሉ ወይ ማይ ዝመስል ክትሸይን ትኽእል።

ትሕቲ 6 ወርሒ ዝዕድመኦም ህጻናት ማይ ምስታይ ኣየድልየምን እዩ። ኩሉ ዘድልዮም ማይ ካብ ጸባ ጡብ ክረኽብዎ ስለዝኽእሉ። ህጻናት እናገበዙ ብዝመጹ ግን ዘወስድዎ መጠን ማይ ምስኡ ይውሰኽ። እንተኾነ ብዝተኻእለ መጠን ሰብ ሞያ ጥዕና ተወከሱ፡ ብዝሀቡና ዓቐን ጥራይ ኣስትዩዎም።

ኣብ እኹል ሰብ፡ ብዝምጋም ኣብ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ ክሳብ 2.7 ሊትሮ፡ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ 3.7 ሊትሮ ማይ ክሰትዩ ይግባእ። ኣብ መቐት ቦታ ትነብር እንተኾይንካ ካብዚ ዝተጠቕሰ ዓቐን ቁሩብ ዝዛይድ ማይ ክትሰቲ'ውን ከም ንቡር ክርአ ይኽእል እዩ።ሰኽራን ማይ ክመጽእ ዝኽእል፡ ሓደ ሰብ ኣብ ውሽጢ ሓደ-ክልተ ሰዓታት ካብ 3 ክሳብ 4 ሊትሮ ማይ ምስ ዝሰቲ እዩ። እንተኾነ እዚ፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ክፈላለ ከምዝኽእል ተመራመርቲ ጥዕና ይገልጹ። ብሓፈሻ ልዕሊ ዓቐን ማይ ምስታይ ከይወግድ እንተኾይንና፡ ኩሉ ግዜ ንኩነታት ሕብሪ ሽንቲ ክንከታተሎ ይግባእ።



## ዝጠንተወ ባህሊ ካብ ዝውንኑ ህዝቢ

• ቀዳሞት ህዝቢ ስኮትላንድ፡ ናይ መጀመርታ ኣብ ደሴታት ምዕራብ ክቕመጡ ዝጀመሩ ኣህዛብ እዮም። ኣሰራት ስልጣነኦም ኮዕታ ኣብ ዝተጉበረሉ፡ 12,000 ዓመታት ዕድመ ከምዘገበረ ተመራመርቲ ይገልጹ። ኣብቲ ግዜ ዝነበሩ ሰልትስ ዝበሃሉ ኣህዛብ ኮይኖም፡ መንብሮኦም ብሕርሻ ይመርሑ ከምዝነበሩ ይፍለጥ። ሎሚ ልዕሊ 4000 ዓመት ዕድመ ዘለዎም ሰልትስ ሰኳራ፡ ብራን ቀለቤት ብሮድጋርን ዝበሃሉ ሰፈራታት፡ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ስኮትላንድ ይርከቡ።

• ኩኩ ያላንጂ ኣብ ኣውስትራልያ ዝነብሩ ዝነበሩ ኣህዛብ ኮይኖም፡ ኣብ ዓለም ዝጠንተወ ባህሊ ከምዘውንኑ ይንገረሎም። ያላንጂ ካብ ካልኦት ኣህዛብ ተነጺሎም ዝነብሩ ዝነበሩ ኮይኖም፡ ልዕሊ 50,000 ዕድመ ኣለዎም። ኣብቲ ኣብ ዓሚቛ ቦታታት ተደኲኖ ዝነበረ ጫካታት ኣህጉሮም ንዝነበረ ቀጻሊ ምልውዋጥ ኩነታት ኣየር መኪቶም ብዘይ ጸገም ክነብሩ ይኽእሉ ከምዝነበሩ ይግለጽ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ኩኩ ያላንጂ፡ ናብ ሃገሮም ዝመጽኡ በጻሒ፡ ናብ ዝቕመጥሉ ጫካታት ዳይንትሪ መጺኦ ቅዲ ኣነባብራኦም ክፅዘብ ዕድመ የቕርቡ እዮም።

• ስልጣነ መሶፖታምያ ኣብ ናይ ሎሚ ዒራቕ ተደኲኑ ዝነበረ እዩ። ልዕሊ 10,000 ዕድመ ዘለዎ'ውን እዩ። ቅድሚ 8000 ዓመት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ፡ ጥንታውያን ህዝቢ መሶፖታምያ ስገምን ስርናይን ብምዝራእ ንመስርሒ ቅጫ፡ ገዓትን ኣልኮላዊ መስተን ይጥቀሙሉ ነበሩ። ድሕሪ ገለ ኣሽሓት ዓመታት ከኣ፡ እንስሳታት ከራብሑ ጀሚሮም። ኣሰራት ናይዚ ስልጣነ ክሳብ ሎሚ ኣሎ።



• ጥንታውያን ግብጻውያን ብዕድመ ክርአ ከሎ ካብዞም ሰለስተ ስልጣኔታት እቲ ዝከኣሰ እዩ። ግብጻውያን ኣብ ፖለቲካ፡ ባህልን ጽሕፈትን ፍሉይ ምዕባለን ተራን ከምዝተኣታተዉ ይንገረሎም። ካብ ኩሎም ስልጣኔታት እቶም ቀዳሞት መድሃኒት፡ ሕርሻን ሼትሮን ዘተኣታተዉ እውን ንሶም እዮም።

## ዳን ብራውን

ዳን ብራውን ኣብ 1964 ኣብ ኣመሪካ ተወሊዱ። ካብ ሰለስተ ኣሕዋቱ እቲ ዝዓበየ እዩ። ኣቦኡ ሪቻርድ ጂ ብራውን መምህር ኮይኑ ኣብ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ቤት ትምህርቲ ፊሊፕስ ኤክስተር ከኣ ትምህርቱ ፈሊሙ። ስድራኡ ኣብ ሓደ ቤት ክርስትያን ጠርናፍቲ ናይ ጉጅለ መዘምራን ነበሩ፡ ኣዲኡ ከኣ ኣብኡ ፒያኖ ትሃርም ነበረት።


ብራውን ካብ ግዜ ህጻንነቱ ኣትሒዙ ግድላትን ቅማረታትን ቁጽሪ ኣብ ምስራሕ ፍሉይ ክእለት ነበሮ። ካብ ቤት ትምህርቲ ፊሊፕስ ኤክስተር ድሕሪ ምምራቑ ናብ ኣመርስት ኮሌጅ ኣምሪሑ። ኣብ ኮሌጅ ኣብ ዝጸንሓሉ እዋን ይደርፍን ቴንስ ይጻወትን ነበረ። ኣብ 1986 ከኣ ብዓውዲ ስነ-ጥበብ ክምረቕ በቒዑ። ድሕሪ'ዚ ምሉእ ግዜኡ ኣብ ደርፌ ኣድሂቡ እዩ ክሰርሕ ጀሚሩ። መጀመርታ ናይ ህጻናት ደርፌ ዝሓዘት ኣልበም ኣሕቲሙ።

ቀጺሉ ናቱ ስቱድዮ ብምኽፋት፡ 'perspective' ዝርእስታ ኣልበም ድሕሪ ምዝርጋሑ ኣብ 1991 ናብ ሆሊውድ ተጸንበረ። ጎድኒ-ጎድኑ ከኣ ኣብ ቤት ትምህርቲ በቨርሊ ሂልስ ከም መምህር ኮይኑ ይሰርሕ ነበረ። ኣብ ዝቐጸለ ሰለስተ ዓመታት ከኣ ኣብ ግዜኣን ኣዝዮን ህቡባት ዝነበራ ሰለስተ ኣልበማት ኣኪታቲሉ ሰርሐ።

ብራውን ኣብ ደርፌ ጥራይ ኣይኮነን ዝጥፍፍ ነይሩ፣ ኣብ ግዜኣን ህቡባት ዝነበራን ክሳብ ሕጂ ዓቢ ጽልዋ ዘለወንን መጽሓፍቲ'ውን ጽሒፉ እዩ። 'digital fortress'፡ 'angels and demons'፡ deception point ዝርእስቶን መጽሓፍቲ ክጽሕፍ ክኢሉ እዩ።


ብራውን ኣብ 2013 ዝጸሓፋ ዘ ዳቪንቺ ኮድ ዝርእስታ መጽሓፉ ከኣ ኣብ ጥርዚ ህቡብነት ከምዝበጽሐ ገይራቶ እያ። እታ መጽሓፍ ድሕሪ ምሕታማ ኣብ ቀዳመይቲ ሰሙና መጽሔት ኒው ዮርክ ታይም ኣብ ዝርዝር ዝለዓለ ዝተሸጣ መጽሓፍቲ ቀዳማይ ተርታ ሰሪዓታ። ኣብ ውሽጢ ሸዱሸተ ዓመታት ድማ 81 ሚልዮን ቅዳሕ ብምሻጥ ናይ ኩሉ ግዜ ዝበለጸት መጽሓፍ ክትበሃል ዝበቕዐት መጽሓፍ ኮይና። ኣብ 2005 መጽሔት ፎርብስ'ውን ንዳን ብራውን ኣብ ዝርዝር ቀዳሞት ዝበለጹ ሰባት ናይ ዓለምና ሰሪዓቶ።

ብሓፈሻ ክሳብ 2012 መጽሓፍቱ ብ52 ቋንቋታት ክሕተሙ ክኢሎም እዮም። ዳን ብድምር ሸዱሸተ መጽሓፍቲ ኣፍርዩ። ካብ ሺያጥ መጽሓፍቱ'ውን ወሒዱ ዘይትሓት ኢታዊ ክረክብ ክኢሉ። ካብ ቀዳሞት ሰለስተ መጽሓፍቱ ጥራይ ልዕሊ 10 ሽሕ ቅዳሓት ሸይጡ። ካብ መጽሓፍ ዳቪንቺ ኮድ ከኣ 250 ሚልዮን ዶላር ኣታዊ ከምዝረኸበ ይእመን።



ብራውን ኣብ ኣሲያይማ ገጸ ባህርያቱ ፍሉይ ቅዲ ከምዝኽተል'ዩ ዝንገረሉ። ዝበዝሑ ካብ ገጸ ባህርያቱ ኣብ ናይ ብሓቂ ኣብ ከባቢኡ ዘለዉ ሰባት ተመርኪሱ'ዩ ስም ዝሀቦም።

ዳን ብራውን ኣብ 1997 ብልዩቲ ነውሎን ምስ ዝተባህለት ተመርዓወ። ብራውን ምስ ብጻይቲ ቤቱ ብምትሕብባር ኣቐዲሙ ዝጸሓፈን ክልተ ዋዛ ሓዘል መጽሓፍቲ ኣሕቲሙ'ዩ። ብጻይቲ ቤቱ ንስራሑ ኣብ ዝምልከቱ ብዙሕ ጉዳያት የማኽረቲ ኢዱ ምኻና ይግለጽ።



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ


## ካብ ተመኩሮታት መገዓዝያ



### ሻውዓይ ክፋል

ኣቶ ሃብተኣብ ጸጉ "እተን ካብ ጀርመን ዝተዓደጋ ማርቼድሳት ንምዕዛብ ሓደ ኤርትራውያንን ጀርመናውያንን ዝሓቖፈ ጉጅለ ናብ ሱዳን 'ኮርብራካ' ተበጊሱ። ኣብ ኮርብራካ ምስ በጽሐ ኑቲ ከንታት ብቐረባ ክዕዘቡዎ ጀሚሮም። ሽዑ እቶም ጀርመናውያን ኣብ ኮርብራካ ንሓንቲ ሓዳስ ለውጢ ዘይተገብረላን ሓንቲ ኣብ ጋራጅ ህ.ግ. ሓድሽ ባለስትራ ዝተማህዘላን ንፍሱወከፈን ከክልተ ሚእቲ ኮንታል ተጻዒነን ኣብ ደረት'ቱ ሩባ ክሰግራ ተዳለዋ። ፈላማ እታ ዝኸኣ ለውጢ ዘይተገብረላ ማርቸድስ ኑቲ ሩባ ክትሰግር ተበጊሳ። የግዳስ ናብቲ ሩባ ኣትያ ክትሰግር ክትብል ኣብ መንኮ ባለስትራ ሰይራ ጠጠው ኢላ። እቶም ጀርመናውያን ኸኣ ብዓይኖም ተዓዚቦሞ።

"ጸኒሓ እታ ብጋራጅ ህ.ግ. ለውጢ ዝተገብረላ ካልኣይቲ ማርቸድስ ተበጊሳ። ሱተት ኢላ ከም ታ ሓፍታ ናብቲ ሩባ ተደርጊመት። ብዘይ ገለ ጸገም ከይተሰበረት ምስ ምሉእ ጥዕናኣ ማሰስ ኢላ ወጺኣት። ምርኣይ ምእማን ስለዝኾነ፡ እቶም ዘዕገርገሩ ዝነበሩ ጀርመናውያን ኑቲ ኣብ ቅድሚ ዓይኖም ዝረኣዩዎ ሓቂ ኣመኑሉ። እዚ ወጺኢት ናይ እቲ ብሚካኤል ፍስሃየ ዝምርሖ ወፋያት ኣባላት ጋራጅ ህ.ግ. ኣብተን ማርቸድስ ዝተገብረ ለውጢ እዩ ነይሩ። እዚ ለውጢ'ዚ 'ሞዲፊካሪ' ዘይከኑ ምህዞ'ዩ ነይሩ። ምህዞ ስለዝነበረ 'ላይሰንስ' ክወጽኦ



ኣቶ ሃብተኣብ ጸጉ

ደኺኣል ነይሩ። የግዳስ ክሳብ ክንድኡ ኣይሓሰቡን።

"ብዘኾነ ኣብ ክንዲ 'ላይሰንስ' ከም ዓቢ ናይቲ ዝነበሩዎ ጻዕሪ 'ሰርቲፊኬት' ጋራጅ ካብ ጀርመን ክወሃቦም ጠለቡ። እዚ ጠለብ'ዚ ድማ ኣገዳሲ ክብሪ ኣብ ዝኾነ ፈራሚንታ ከይደኻ ክትገዝእ ዘይትኽእል'ዩ ነይሩ። ንሱም ድማ እዚ ብኣባላት ጋራጅ ህ.ግ. ዝተገብረ ኑቲ ትካልም ዓቢ ሓገዝ ስለ ዝኾነ ብዘይ ወዓል ሕደር ተቐቢሎም ጀቦኦ ኢሎሞ። ንሱ'ዩም ኑቲ ዝተገብረ ለውጢ ከም ምህዞ ፈለጦም ዝኾነት ወጺኢታዊ ካብ 1984 ንደሓር ናብ ኣፍሪቃ እትለኣኽ ብ'ኤርትራ ቨርጅን' ባለስትራ ከም ዝሰርሓላ ማለት ኑቲ ምህዞ'ውን ሽም ሂቦም 'ኤርትራ ቨርጅን' ኢሎሞ። ሚካኤል ፍስሃየ ድማ መካይን ክጠልብ ዝኸደ መምህርም ኮይኑ ንባለስትራን ቦዲን ናይተን መካይን ብዮዝበሬ ዝተሰየ ሓብሬታ ሂቦም" ክብል የዘንቱ።

ንሱ ቐጺሉ ብዛዕባ ክሳብ ሕጂ ዘይተዘርበሉ ሓደ ግዜ ንሚካኤልን ብጻዩን ዘጋጠመት ፍጻመ ይዝክር፡ "ሓደ እዋን ሚካኤል ብዛዕባ እተን ዝተዓደጋ መካይን ክርኢ ጀርመን ኣብ ዝበረሉ እዋን'ዩ። እተን መካይን ምስ ተገዝኣ ተዳልየን ወደብ ብሬመን (Bremen) ኣትየን ኣለዋ ምስ ተባህለ፡ ሽዑ ገርንሰኣ ቀላቲ'ውን ምስ ሚካኤል ነይሩ። እተን ናብ ሜዳ ክለኣኻ ዝተዳለዋ መካይን ሚካኤል ብዓይኑ ክርእየን ስለ ዝደለየ ንወዲ ቀላቲ፡ 'እምበኣር እዘን መካይን ወደብ ካብ ኣተዋ፡ ኣብ ሜዳ ድማ ሰብ ተረቢጹ ይጸበየን ስለዘሎ፡ ከይተበጽሳ ክንርእየን ኣሎና' ክብል ሓተተ። እቲ ክርኢ ዝተረበጸ ግን ሚካኤል ፍስሃየ ባዕሉ'ዩ። ሽዑ ሚካኤልን ወዲ ቀላትን ናብቲ 500 ኪሎሜተር ዝርሕቀቱ ወደብ እናተበራረዩ ማኪናኦም ዘወሩ።

"ሽዑ ሚካኤልን ወዲ ቀላትን ናብቲ ወደብ መጺኦም 'ነተን መካይን ክንርእየን ደሊና' ምስ በሉዎም፡ ተገሪሞም። 'ኣላ ኣፍሪቃውያን' ብምባል ድማ ናብተን ምስ ካልኦት ናብ ዝተፈላለየ ከርናዕት ዓለም ዝከፋፈላ 4ሽሕ ኣብ ዝበጽሓ መርከብ ተጻዒነን ዝነበራ 60 መካይን ህ.ግ. ከኣትዉ ፈቒዶሎም። ሽዑ እተን ቃንጫ ዝመስላ 60 ማርሰደስ ተሰሪዖን ምስ ረኣየን ሚካኤል ፍስሃየ ነፍሱ ክቆጻጸር ኣይከኣለን። ዓው ኢሉ፡ 'ኡና፡ ደው፡ ትረ.....' እናበለ ኣመና ኣብ ስምዒት ኣትዩ ልክዕ ከም ዚ ጥራዑ ክቐጻረን ጀመረ። ሽዑ ሚካኤል ንወዲ ቀላቲ በቓ ሕጂ ቀሲነ ኢልዎ። ክልቲኦም ተዛጺዮም ኣብ ወሽጢ'ታ መርከብ እናተዛወሩ ከለው፡ እታ ክትብገስ ተዳልያ ዝነበረት መርከብ ሃንደበት ተዓጽወት። መሬት ግብ ኢላ ጸልመተት። ሚካኤልን ብጻዩን ከኣ ኣብ ዘይተሓሰበ መዋጥር ኣተዉ።

"ሽዑ ኣብ ወሽጢ መርከብ ጸላምን ቁርን ኣሎ። መንገዲ መዓልታት ድማ ክትገዓዝ'ያ። ነፍሲ ክትፈራረድ ጀመረት። ሚካኤል ከንታት ምስ ረአየ ንወዲ ቀላቲ 'ክሳብ ፖርት ሱዳን ክንደይ ይወስደላ?' ክብል ምስ ሓተቶ፡ ወዲ ቀላቲ ድማ 'እንድሕር ትኽ ኢላ ከይዳ ክሳብ 13-14 መዓልታት ይወስደላ' ክብል መለሰ። ሽዑ ሚካኤል ነፍሱ ድልዱል'ዩ ነይሩ። ወዲ ቀላቲ ግን ነፍሱ ጸሙእ ጥራይ ዘይኮነ ጥዕና'ውን ኣይነበሮን።

"ወዲ ቀላቲ ንሚካኤል፡ 'እቲ ጥሜት ከም ገለ ምኽኣልናዮ። ዝስተ ማይ እንታይ ንገብር?' ክብል ሓተቶ። ሚካኤል ፍስሃየ ተበላሓቲ ስለ ዝኾነ 'እዋእ! ንራድያቶሬ ኢሎም ዝሓዙዎ ማይ ኣብዘን መካይን ሃሰስ ኢልና ኣይምሰኣንናዮን መግቢ ግን እንድዒ' በሎ። ሽዑ ጥቓ እቲ ጠጠው ኢሎምሉ ዝነበሩ ሓደ ጩራ ብርሃን ረኣዩ። ሽዑ ሚካኤል ናብ ወዲ ቀላቲ ድንን ኢሉ፡



ኣቶ ኣማኑኤል ነጋሲ

'ብጀርመን ሓገዝ ንምባል እንታይ ትብል?' ክብል ተወከሶ። ወዲ ቀላቲ ኣብ ጀርመን 3 ዓመት ተቐሚጡ ስለ ዝነበረ ቋንቋ ጀርመን ብማጣቱ ይኽእል ስለ ዝነበረ፡ 'ሄልፌ' ክብል መለሰሉ። ሚካኤል ድማ 'እሞ ንዓ ድንን ኢልካ ሄልፌ.....' በሎ ይብሉ። ወዲ ቀላቲ ግን ነፍሱ ድኺም ስለ ዝነበረ፡ 'ሄልፌ' ክብል እቲ ድምጹ ደኺሙ። ሽዑ ሚካኤል ባዕሉ ዓው ኢሉ 'ሄልፌ..... ሄልፌ......' ክብል ጸውዐ። የግዳስ እትሰምዖ እዚ ኣይረኸቡን።

"ምስተሓለሉ ኣብቲ ጸላም ዘመር እናበሉ ሓደ መለኪዖ መሰል ተረር ሓጺን ረኸቡ። ሚካኤል ኑቲ መለኪዖ ኣልዒሉ ብሓይሊ ኑቲ ናይታ መርከብ ቦዲ ገው-ገው ኣበሉ ደሰቖ። ኣብ ላዕሊ ዝቆጻጸር 'ኮንትሮል' ዝዑብር ዝነበረ ኣባል ናይታ መርከብ ኑቲ ገው-ገው ስለ ዝሰምዐ፡ እዚ ገው-ገው መልእኽቲ ኣሎዎ ስለ ዝበለን ሓብሬታ ስለ ዝሃበን እታ መርከብ ተኸፍተት። እቲ 'ኮንትሮል' ዝዑብር ዝነበረ ኣባል መርከብ እታ መርከብ ምስ ተኸፍተት ክልተ ሰባት ቀባሕባሕ ክብሉ ኣብቲ ጸላም ምስተን መካይን ረኸበ። 'እንታይ ዝኾንኩም ሰባት ኢኹም?' ክብል ነዲሩ ሓተተ። 'መካይንና ክንርኢ ዘይንብር ክንዑብር ክንብል ተረሲዕና' ዝብል መልሲ ይህቡ። በዚ ድማ ብዓል ሚካኤል ምእንቲ መካይን ሰውራ ክብሉ ህይወቶም ንሓደጋ ኣቃሊዖም ነይሮም። እተን ማርቸድስ ማዕረ ከም ዚ ዝኣመሰለ ታሪኽ ሓሊፋወን'የን ናብ ሜዳ ዝኣተዋ ዝነበራ። ካብቲ እዋን'ቲ ንደሓር ድማ ኣማኢት ማርቸድሳት ተገዚአን ሜዳ ኣተዋ።

"ካልእ ብወገን ወያነ ትካል ማርቸድስ ጀርመን'ን ዘጋጥም ዝነበረ ቁሩቀሰ'ዩ። ወያነ ብጽሒቱኩም ማርቸድስ ወሰዱወን ኣብ ዝዘለሉ እዋን ኩሉ ግዜ ምስ ኣጉረምረሙ'ዮም። እንታይ'ዩ ሽግርኩም ምስ ተባህሉ ዝህቡዎ መልሲ፡ 'እተን ንህ.ግ. ዝሰራሕኩመን ድልዱላት'የ። ንዓና ግን ድኹማት ማርቸድስ ትሰርሑልና ኣለኹም፡' ዝብል'ዩ። እዚ ድማ ኑቲ ኣብ ጋራጃት ኤርትራ ዝግበረለን ዝነበረ ምህዞ ወያነ ክንድኡ ዝሸውን ምህዞ ስለ ዘይነበሮም ክሽውን ይኽእል፡" ይብል ኣቶ ሃብተኣብ።

ኣቶ ኣማኑኤል ነጋሲ ብወገኑ "እተን ማርቸድስ ወደብ ፖርትሱዳን ምስ በጽሓ፡ እቶም ናይ መግቢ ኮንትሮትዩም ዝያዳ መግቢ ክሰዱ ክኢሎም። እዘን መካይን'ዚአን ሜዳ ምስ ኣተዋ ብሓቂ ኣገልጊለን እየን። ረድኤት ኣብ ምምልላስ ይኹን ሰራዊትን ካልእን ከመላልሳ ኣገልጊለን'የን። 'ማርቸድስ ሸዊት ተሰኪማ



ስዉእ ኮለኔል ሚካኤል ፍስሃየ

ሰራዊት' ክበሃል'ውን ተደሪፋለን እዩ። እቶም ወፍያት ኣባላት ጋራጅ ህዝባዊ ግንባር ሚካኤል ፍስሃየን ብጾቱን ኑቲ ኣብ ስራሓት ጋራጅ ዝገበሩዎ ዝነበሩ ጥቡባት ምህዞን ድማ ዘይሃስስ ታሪኽ ስለ ዝኾነ ክጽሓፍ ይግባእ። ንሕና ከም ባህሪ ብዛዕባ ኑብስና ምዝራብን ምጽሓፍን ከም ነውሪ ንርእዮ ንኸውን። የግዳስ ንመጻኢ ወለዶ ክወርስ እንተ ኾይኑ፡ ክጽሓፈሉ ይግባእ። ኣብ ካልእ ንርኢ ኣሎና - ንእሸቶ ክንዲ ጣፍ ዝመዛዘ ምሉእ መጽሓፍ ይጽሓፈሉ። ኣባና ግን ዓቢ ክንዲ ጎቦ ዝመዛዘ ተበላሓትቲ ወይ ወተሃደራዊ ቅያ ዝሰርሑ ሓርበኛታት፡ ንእሸቶ ዓንቀጽ'ውን ክንጽሕፈሎም ኣይከኣልናን። ምእንቲ'ዚ ሓደራ ታሪኽና ክጽሓፍን ክሰነድን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክመሓላለፍ ይግባእ" ይብል ኣቶ ኣማኑኤል ኣብ ምውዳእታ።

ንሕና'ውን ንኣቶ ኣማኑኤልን ኣቶ ሃብተኣብን ቡቲ ዝሃቡና መብርሂ ነመስግን።

---

## ብዛዕባ' ቶም 8 ወራራት ደርግ እንታይ ትፈልጡ?

### ካልኣይ ወራር ሕዳር 1978

ሃንደበታውነትን ምድንጋርን ዝመልአ ኩይኑ፡ ኣብ ብዙሕ መኣዝናት ተኸሲ. ከፈትካ ብሓደ ምጥሓስ ዝሓለነ ናይ ጸላኢ መጥቃዕቲ ካብ ኣስመራ ብሰሜን ምብራቕን ብምዕራብን ከምኡ'ውን፡ ብባጽዕን ምዕራብን (ባርካ) ተበጊሱ፡ ደጀን ንምቁጽጻር ብሸዕብን ግልቡብን ስለ ዝተንቀሳቐሰ ብዓወት ህ.ሰ. ክወድእ ቀሪቡ ዝነበረ ውግኣት ዒላበርዕድን ምዕራብን ምልውዋጥ ኣስዒቡ። ህ.ሰ.ሓ.ኤ. ብዝተጸንዐን ጽፉፍን ኣገባብ ካብ ሰሜናውን ምዕራባውን ግንባር ኣዝሊቑ ኣብ ገንፈሎምን እምዓሚደን ዓሪዱ።

**ክሳራ ጸላኢ፦**

- 3,100 ምውታት፡
- 3,600 ቁሱላት
- 200 ምሩኻት።
- ዝተሰልበ ንብረት 20 ታንክታትን 4 መካይንን፡
- ዝዓነወ ከኣ 61 ታክንታት።

## መልሲ ናይ ዝሓለፈ ሕቶታት፦

1. ለ = (8 ብርጌዳት 4፡ 8፡ 23፡ 44፡ 51፡ 70፡ 76፡ 58)
2. ሀ = (99.805% እወ ንናጽነት ኣድሚጹ። እዚ ድማ፡ ካብ ካብ 23-25 ሚያዝያ 1993 ዝተገብረ ረፈረንደም ብሓፈሻ ዝተመዝገቡ፡ 1,173,706 ዜጋታት ክኾኑ ከለው፡ 1,156,280 ኣድሚጾም ማለት'ዩ።
3. ሐ = ጉደና ገረግር ሱዳን (ኣብ ከባቢ ሳሻና ሆቴል)
4. ኣብ 1982 ኩይኑ 3 ሽሕ ምሩኻት ናብ ዓዶም ኣፋንያ።
5. ብ 21 ግንቦት 1976 ብስርዓት ደርግ ዝወፈረ ወራር'ዩ። ኣብዚ ወራር እዚ ካብ 30-40 ሽሕ ሓረስቶት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ወግእ ከፊቶም። የግዳስ ፈሺሎም ተሪፎም
6. ኣብታ ክብርቲ መዓልቲ ሰማእታትና 20 ሰነ 1998 ነይሩ። እቶም ቀዳሞት ካብ ኢትዮጵያ ተባሪሮም ኣስመራ ዝኣተዉ ዜጋታት 800 ነይሮም።
7. 28 ነሓሰ 1998፡ ኣብዚ ካብ ዝማረኾም ወተሃደራት 71 ብሰላም ናብ ዓዶም ኣፋንዩ።
8. ዶ/ር ተኸስተ ፍቓዱ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ - ሓበን ገብረኣምላኽ

## Letter of Invitation for Bids

1. The State of Eritrea, Ministry of Agriculture, and National Project Coordination Office (NPCO) has received financing from the International Fund for Agricultural Development (IFAD) towards the cost of Integrated Agricultural Development Project (IADP) and intends to apply part of the financing for the purchase of these goods. The use of any IFAD financing shall be subject to IFAD's approval, pursuant to the terms and conditions of the financing agreement, as well as IFAD's rules, policies and procedures. IFAD and its officials, agents and employees shall be held harmless from and against all suits, proceedings, claims, demands, losses and liability of any kind or nature brought by any party in connection with Integrated Agricultural Development Project (IADP).

2. The Integrated Agricultural Development Project (IADP) includes three components and has six years' lifetime. The overall goal of the project is to contribute to poverty reduction and food and nutrition security of rural households. The project Development objective is to enhance small holder agricultural production and productivity in sustainable way and improves rural livelihoods.

3. This IFB follows the general procurement notice that appeared on the IFAD website on 20 January, 2025, the United Nations Development Business (UNDB) web site on 20 January, 2025 and a national newspaper Haddas Eritrea/ Eritrean profile on 25 January, 2025.

4. The purchaser now invites sealed bids from eligible entities ("bidders") for the provision of Procurement of Total stations, Procurement of artificial insemination and horse equipment, parent stock pigs, horse semen and automatic debeakers assorted in 4 lots and Procurement of frame hives and their accessories and food grade honey container assorted in 2 lots. More details on these goods and related services are provided in the schedule of requirements in this bidding document.

5. This IFB is open to all eligible bidders who wish to respond. Subject to the restrictions noted in the bidding document, eligible entities may associate with other bidders to enhance their capacity to successfully deliver the goods and related services. Potential bidders should first request for a registration form using email address below. Upon filling the form, the bidders must return the filled form through a reply email and the bidding document will be provided immediately thereafter at no charge.

6. Bidding will be conducted using the International Competitive Bidding (ICB) method, the evaluation procedure for which is described in this bidding document, in accordance with the IFAD procurement handbook, which is provided on the IFAD website www.ifad.org/project-procurement. The ICB process, as described, will include a review and verification of qualifications and past performance, including a reference check, prior to the contract award.

7. Please note that a pre-bid conference will not be held as described in the bid data sheet BDS, Section II of the bidding document.

8. Bids must be delivered to the address below and in the manner specified in the BDS ITB 25 no later than 9:30 am local Asmara, Eritrea's time, 8 May 2025.

Ministry of Agriculture, Procurement and Supplies Management Division (PSMD)
Lidia Russom (Procurement officer)
Sawa Street, Asmara, Eritrea
Lidyarusomlidu1221@gmail.com
Tel Number: 00291181076/00291189266
Fax Number: 1048
Block number: 6
Room number: 8
Asmara, Eritrea

9. Bidders should be aware that late bids will not be accepted under any circumstances and will be returned unopened to the bidder. All bids must be accompanied by a bid securing deceleration.

10. Please note that electronic bids shall not be accepted as defined in ITB BDS 25.

Yours sincerely,

Lidia Russom
IADP Project Procurement officer
Ministry of Agriculture, Procurement and Supplies Management Division (PSMD)
Lidyarusomlidu1221@gmail.com
Asmara, Eritrea

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ (እሩይ ገፍሮ በርበረ)
ዓሳጊ፦ ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ)
ኣርእስቲ ውዕል፤ (ዓመታዊ ቀረብ እሩይ ገፍሮ በርበረ)
ኣገባብ ዕድጊ፤ (ክፉት ሃገራዊ ጨረታ)

ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ ንዓመተ 2025 ካብ ዕለት 1/1/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2025 ንተመሃሮ ዝውዕል ቀረብ እሩይ ገፍሮ በርበረ ኮማርት ስለዘድለዩ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ እሩይ ገፍሮ በርበረ ብዕሹግ ደብዳቤ ክቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረቲ ፍቓድ ንግዲ (ሊቸንሳ) ቅዳሕ ናይ 2024 ክሊራንስ ኣ/ው/ሃገር ናይ 2023/2024 ዝተሓደሰ ብዘውሳኺ ቅዳሕ መንነትን ኣቕርቡ።
4. ተጫረቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዘድልዩ ካብ ጨ/ቤ/ጽ ኮ.ቢ.ማ.ስ ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ወይ ድማ ብቁ.ቴለ 08371388 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ ሰነድ ጨረታን መምርሒ ጨረታን ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100 ናቕፋ ኣብ ካሸር ከፊሎም ቅብሊት ብምምጻእ ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ን15 መዓልታት ክፉት ኮይኑ ንጽባሒቱ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልቲ ልክዕ ሰዓት 9:00 ቅ.ቀ ክፉት ኮይኑ ድሕሪ ምጽናሕ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ክፉት ኮይኑ ድሕሪ ምጽናሕ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋውያን ወከልቶም ክሳተፍ ዝደሊ ሰብ፤ ስነ-ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ንኽዕዘብ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ እተረኽበሉ ብወግዒ ይኽፈት።
7. መኽበሪ ጨረታ ብሲፒኦ (200,000) ክልተ ሚእቲ ሽሕ ንእሩይ ገፍሮ በርበረ ብምትሓዝ ክስነ ኣለዎ።
8. ጨረታ ብመምርሒ ሚኒስትሪ ፋይናንስን ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ ዝሓሸ ኣማራጺ ምስ ዝረኽብ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረት ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኣቶ ዳዊት ወልዳይ ኣቦመንበር ኮሚቴ ጨረታ
ኣስመራ ኤርትራ፡ ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ቁ.ኦፊስ 304/308
ቁ.ቴለ 08371388

## Notice

Notice is hereby given to the public shareholder of **"PUPA Private Limited Company"** in their extraordinary meeting conducted on 28th day of March 2025 have passed the following resolution.

1. Mrs. Saba Issak Teclehaimanot is appointed as a new manager for unlimited period of time.
2. The company has introduced new business activities of sportswear and items.

**"PUPA Private Limited Company"**

## Notice:

**Notice is hereby given to the public that Sgalet Clearing and Forwarding PLC convened an extraordinary general meeting on January 30, 2025 at 10:00 AM and resolved the following.**

1. **The 1,000,000 Nakfa capital of the Company is reduced to 500,000 Nakfa.**
2. **Mrs. Hanae Abduselam sold her 50 shares, the par value of which is 5,000 Nakfa to Mrs. Tsigereda Isaias and withdrawn from the Company. Tsigereda Isaias is admitted as new member the Company.**
3. **Mrs. Hiwet Kidane, sold her 25 shares the par value of which is 5000 Nakfa each to Mr. Gideon Okubay and withdrawn from the Company. Mr. Gideon is the General Manager of the Company.**

**Sgalet clearing and forwarding PLC**

# ናይ ኢድ ሰላምታ

ኣብርሃም ዘርኣ (ወዲ-ሃለቃ)



ናይ ኢድ ሰላምታ ሓደ ካብ ጥንታውያን ልምድታት ደቂ ሰብ እዩ። ቀደም ዘመን ጥንታውያን ሰባት ኣብ ዝራኸብሉ ዝነበሩ እዋን ዝኾነ ዓይነት ኣጽዋር ከም ዘይሓዙ ወይ ከም ዘይሓዙ ንምርግጋጽን ሰቡደሓን ምኳኖም ንምንጻርን ክልተ ኣእዳዎም ኣብ ቀላጽሞም ብምሓዝ ሰላማውያን ምኳኖም ይሕብሩ ከም ዝነበሩ ታሪኽ የዘንትው። ድሒሩ ኣብ ግዜ ሮማውያን'ውን ብተመሳሳሊ ንመካላኸሊ ኑቢ ንእሹቶ ካራ ወይ ሽጉጥ ኣብ እጅገኦም ሓቢኦም ምኻድ ልሙድ ብምንባሩ፡ ካራ ናይ ኢድ ኣለዎ የብሉን ንምፍላጥ ግዝኦ ኢድ ብምሓዝ ዝግበር ሰላምታ ልሙድ እናኾነ ከም ዝመጽአ ይንገር።

እዚ ሕጂ እንጥቀመሉ ዘለና ናይ ኢድ ሰላምታ ድማ መበቆሉ ካብ'ቲ ናይ ሮማውያን ሰላምታ ዝመጽአ እኳ እንተተባህለ፡ ኣውራ ኣብ መበል 19 ክፍለዘመን ንግዳዊ ርክብ የኅይዱ ንዝነበሩ ሰባት ከም ምልክት ንግዳዊ ምትእምማን ይጥቀምሉ ከም ዝነበሩ እዩ ዝፍለጥ። ኣብ ዝቐጸለ 150 ዓመታት ድማ ከምዝለዎ ቀጺሉ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ድማ ኣብ ዝበዝሐ ክፋላት ሕብረተሰብ ናይ ዓለም ኣብ እዋን ሌላ፡ ማሕበራዊ፡ ንግዳውን ፖለቲካውን ርክባት ዝውቱራት ምልክት ናይ ኢድ ሰላምታ ኰይኑ ኣሎ። ዋላ'ውን ከም በጽል ታይላንድ፡ ጃፓን.... ዝኣመሰለ 'ዋኢ' ብዝብል ስም ዝፍለጥ ብባህሊ ሕቘኻ ስብር ኣቢልካ ዝግበር ሰላምታ'ኳ ዘዘውትሩ እንተኾኑ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብዘን ሃገራት ከይተረፈ ናይ ኢድ ሰላምታ እዚ'ዩ ዓብላሊ ልምዲ ኮይኑ ንረኽቦ።

ኣብ ዝበዝሐ ቦታታት ዓለም ብናይ ኢድ ሰላምታ ኣእዳው ኣብ ዝጨባበጡሉ እዋን ካብ ክልተ ክሳብ ሽውዓተ ግዜ'ዩ ነዘንዚታ ዝፍጠር። ከም ኣብነት ሰላምታ ጀርመናውያን ካብ ክልተ ወይ ሰለስተ ነዘንዚታ ጥራይ ኣይሓልፉን እዩም ይበሃል። እቶም ንዊሕ እዋን ኢድ ተጨባቢጦም ከም ዝጸንሑ ዝልለዩ ኣህዛብ ግና ፈረንሳውያን ምኳኖም ይንገር።

ሽሕ'ኳ ናይ ኢድ ሰላምታ ምልክት ምትእምማንን ልቦናዊ ኣቀባብላን እንተኾኑ፡ ብተወሳኺ ናይ ኢድ ሰላምታ ድሌታትን ባህርያትን ሰባት ክእምተልና ከም ዝኽእል እዩም ኣብዚ ዓውዲ'ዚ ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ዝገልጹ፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ሓደ ሰላም እንብሎ ሰብ ካብቶም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ዓይነታት ሰላምታ ኣብ ሓደ ምድብ ናይ ምኳን ተኽእሎ ኣለዎ።

### ሀ. ዓብላሊ ዓይነት ሰላምታ

እዚ ሰላምታ'ዚ፡ እቲ ሰላም ዝበሃል ዘሎ ሰብ ኩቡዲ ኢዱ ንታሕተዋይ ኣንፈት ብምቕናዕ ሰላም ይብል እንተደኣ ሃልዩ፡ ብኣንጻሩ ዝበን ኢድካ ንላዕሊ ምስ ዝጥምት፡ ዓብላሊ ሰላምታ ኢልና ንጽውዖ። እዚ ሰላምታ እቲ ሰብ ልዕሌኻ ምኳኑ ከርእየካ ዝጥቀመሉ ናይ ዕብለላ ምልክት እዩ።

ብተወሳኺ ኣብ ዩኒቨርስቲ ኦክስፎርድ ኣብ 2002 ዝተገበረ መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ፡ እቶም ሕውሳት ሰባት ትርር ዝበለ ናይ ኢድ ሰላምታ ከዘውትሩ እንከለው፡ እቶም ሓፋራት ግዱ ፎኪስን ንሓጺር እዋን ዝጸንሕን ናይ ኢድ ሰላምታ ከም ዘዘውትሩ'ዩ ዝሕብር። እተን ዝያዳ ናይ ኣታሓሳስባ ናጽነት



ዘለወን ደቂ-ኣንስትዮ ትርር ዝበለ ሰላምታ ክኽብራ እንከለዋ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ግን ብዙሕ ፍልልይ ከም ዘይተረኽበ እቲ መጽናዕቲ የራጉጽ።

### ለ. ተመላኺ ሰላምታ

እዚ ዓይነት ሰላምታ፡ ኩቡዲ ኣእዳዎም ናብ ላዕሊ ብምግባር ዝፍጽምዎ ሰላምታ እዩ። እቲ ሰብ ልዕል ዝበለ እንተ ደኣ ኾይኑ ክብሪ ንምሃብ ዝዘውተር (ዝግበር) ሰላምታ እዩ። ብዘይካ'ዚ ይቕሬታ ንምሕታት ወይ እቶም ሰላምታ ዝልግሱ ሰባት ዝበደልዎም ምስ ዝህልዎም ትሕትና ንምርኣይ ተምበርካኺ ወይ ተመላኺ ዓይነት ሰላምታ ከዘውትሩ ይኽእሉ። ብዘይካ'ዚ ከም ናይ መጥባሕቲ ክኢላታት፡ መዚቀኛታት፡ ቀባእቲ....ኣእዳዎም ኣብ ስራሕ ጽሙድ ስለ ዝኾኑ፡ ድኹም ማለት ተመላኺ ዓይነት ሰላምታ እዮም ዘዘውትሩ፡ ከም'ዚ ክበሃል እንከሎ፡ ተመላኺነት ንምርኣይ ከም ዘይኮነ ምግንዛብ ኣኻሊ እዩ። ብሓፈሻ ግዳ ዓብላሊ ወይ ተመላኺ ዓይነት ሰላምታ ዘርእዩ ሰባት ምስ ናይ ኢድ ሰላምታ ዘሰንዩዎ ምልክታት ስለ ዘለዎም፡ ፈሊኻ ንምልላዮም ዘሸግሩ ከም ዘይኮኑ ክኢላታት ናይ'ዚ ዓውዲ ይሕብሩ።

### ሐ. ማዕርነታዊ ሰላምታ

እዚ ዓይነት ሰላምታ'ዚ እቶም ክልተ ዝተራኸቡ ሰባት ኣብ ሓደ ጸፍሒ ዝርከቡ ማለት 'ማዕረ ኢና' ዝብል እምነት ምስ ዝህልዎም ኩቡዲ ኢዶም ንትኽል ብምግባር ሓድሕድ ሰላምታ ይለዋወጡ። ብኻልእ መዳይ'ውን ክልተ ዓበለልቲ ምስ ዝራኸቡ፡ ብተሪር ምጭብባጥ ንትኽል ዝዓይነቱ ሰላምታ ይለዋወጡ። ምኽንያቱ ናይ ክልቲኦም ኣእዳው ላዕለዋይ ቦታ ክሕዛ ስለ ዘይደልያ።



# “ፓፓራዚ”




ፓፓርዚ ዝብል ስም ካብ ቋንቋ ጥልያን ዝርዓመ እዩ። ፓፓራዚ ንህቡባት ውልቀሰባት ኣብ ዝኣተውዎ እናተኸታተሉ ንውልቃዊ ህይወቶም ዝገልጹን ዘርእን ስእልታት ብዘይ ወግዐን ፍቓድን ንዘስንዱን ዝዘርግሑን ጋዜጠኛታት ዝተወሃበ መጸውዒ እዩ። እዞም መብዝሕትኡ እዋን ንፖለቲከኛታት፡ ስፖርተኛታት፡ ስነጥበበኛታት.... ኣሸገርቲ ዝኾኑ ስእልቲ፡ ሕጋዊ ዝኾነ ናይ ጋዜጠኝነት ሞያ'ውን የብሎምን። ብሓጺሩ ንናይ ስእሊ ሞያኦም ዘራጉጽ ስድ የብሎምን ማለት እዩ። ውልቃዊ ብዝኾነ መንገዲ ድማ ነቲ ዝሰኣድዎ ስእልታት ብመልክዕ መሸጣ ናብ ዕዳጋ ዓለም የቕርብዎ።

ትርጉም ፓፓራዚ ብልክዕ እዚ እዩ'ኳ እንተ ዘይተባህለ፡ ንሓደ ኣዚዩ ረጸን ዘይምርግጋእን ዝፈጥር ሰብ ዝወሃብ መጸውዒ እዩ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዓለም ወላ ኣብዘን ናይ ላቲን ማብቆላውያት ዘይብለን ሃገራት እተኹናኖ'ውን ከም ዘለዎ ብ“ፓፓራዚ” ዝብል ቃል እዮን ዝጽውዕኦም።

ኩሉ ተግባራት ፓፓራዚ ካብ ሕጊ ወጻኢ ብምኳኑ፡ ኣብ ልዕሊ ውልቃዊ ህይወት ናይቶም ግዱሳት ዘስዕቦ ማሕበራውን ኣእምሮኣውን ሽግራት ማእለያ የብሉን። ዝ. ብምግንዛብ ድማ ንተግባራት ፓፓራዚ ዝቕይድ ዝተፈላለየ ሕግታት ወጺኡ እዩ። ሕሉፍ ሓሊፉን ብፍላይ ገለ ሃገራት ኤውሮጳ ወላ'ኳ ንተግባራት ፓፓናራዚ ክቋጻጸርኦ እንተ ዘይከኣላ፡ ብማጠኑ ናብ ዝተወሰነ ደረጃ ከም ዝጸሓ ገይረን እየን። ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ኣብ ዝቶዩዱ ጸንበላት፡ ፓፓራዚ ከይኣትው ጸኒዕ ዝኾነ ምክትታል ብምክያድ፡ ዘይሕጋዊ ተግባራት ንኸይፍጽሙን ብዙሕ ፈተነታት የኅይዳ እየን። ፓፓራዚ መብዛሕትኡ እዋን ዝሰንድዎም ነገራት፡ ወሩያት ሰባት ካብ'ቲ ልሙድ ንጥፈታቶም ማለት ሞያዊ ምንቅስቓሶም ወጻኢ፡ ኣብ ዝንበርዎም ንጥፈታት ዝሰኣድ እዩ። በዚ መሰረት ድማ እቶም ህቡባት ውልቀ ሰባት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ንጥፈታቶም ካብ ፓፓራዚ ንምኽዋልን ንምሕባእን ምስ ጸዓሩ እዮም። ግዳይ ፓፓራዚ ድሕሪ ምኳኖም፡ ኣብ ውልቃዊ ህይወቶም ብዘመጽኦም ጸቕጢ ብተደጋጋሚ ግዜ ናብ ቤት-ፍርዲ ብምኻድ ሕጋዊ ካሕሳ ክሓቱ ልሙድ ተርእዮታት ኮይኑ ዘሎ እዩ።

ፓፓራዚ፡ ኩሉ ኣለም ኣብ ልዕሊ እቶም ህቡባትን ጸለውትን ውልቀ ሰባት ዝንብርዎ መጥቃዕቲ እዩ። ሰብ ዝና ፍልይ ዝበለ ነገራትን ባህርያትን ምስ ዘንጸባርቑ ኣብ ዓይኒ ናይ ፓፓራዚ ኸኣትው ግዜ ኣይወስድን። በዚ ኮይኑ በቲ፡ እዞም ወሩያት ሰባት ድሕሪ'ቲ ሞያዊ ስርሖም ክዛናግዑ ኢሎም ምስ ኣዕርኹቶም ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ዝንብርዎ ፍሉይ ምንቅስቓሳትን ንጥፈታትን እንተድኣ ሃልዩ ግዳይ ናይ ፓፓራዚ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ብተወሳኺ ካብ ሓዳሮም ወጻኢ ምስ ካልኦት ደቂ-ኣንስትዮ ክዙ ምስ ዝርከቡ'ውን ሓደ ካብቲ ግዳይ ዝኾንሉ መንገዲ እዩ። ኣብ ባራትን ኣብያተ መዘናግዒታትን ሰትዮም ዝዕገርገሩ፡ ንዝጸረፉን .... መፍቶት ፓፓራዚ ምኳን ዘይተርፍ እዩ። በዚ መሰረት ድማ ፓፓራዚ ካብ ሺዮጥ ስእሊ'ዞም ህቡባት ሰባት ዝረኽብዎ ኣሽሓት ዶላራት መኽሰብትን መህጠርን ጁባኦም ይኸውን። ብዙሓት ህቡባት ሰባት ካብዞም ሃደንቲ ዓይነት ጋዜጠኛታት ንምኽዋል ወይ ንምህዳም ክብሉ ህይወቶም ኣብ ሓደጋ ይኣትዉ እዮም። ገለ ሰባት፡ ኣብ 1997 ብሓደጋ ማኪና ህይወታ ዝሓለፈት ናይ ዌልስ ልእልቲ ዲያና፡ ምስ ናይ ሽዑ ኣፍቃሪኣ ዶዲ ኣልፋይድ ብምኳን ኣብ ከተማ ፓሪስ ብማኪና ካብ “ፓፓራዚ” ክትሃድም ኣብ ዝፈተነሉ እዋን ብሓደጋ ማኪና ህይወት ክልቲኦም ሰባት ከምዝሓለፈ ይዛረቡ። በዚ ኮይኑ በቲ፡ ስራሕ ፓፓራዚ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ዝውቱር ዓይነት ጋዜጠኝነት ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ።



# ስፖርት

ኣብርሃም ዮሃንስ

## ጉዳይ ኣሌክሳንደር፡ ብናይ ሳላሕ ውዕል ይጽሎ ዶ ይኸውን?

ዝሓለፈ ዓርቢ መሓመድ ሳላሕ ሓደሽ ውዕል ድሕሪ ምፍራሙ፡ ጉዳይ እቲ ከም ቀዳማይ ኣጥቃዓያ ሓሰባ ክተጣይቕሉ ዝወረሐት፡ ኤርትራዊ ሽወደናዊ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ እንታይ ክኸውን'ዩ ዝብል ሕቶ ተበጊሱ ይርከብ።

ሳላሕ፡ ደገፍቲ ሊቨርፑል ክጸበይዎ ዝቖዩ ዜና፡ ናይ ክልተ ዓመት ውዕል ገይሩ ምስ ኣብሰርም፡ እዚ ግብጻዊ ክኢላ ኣብ ናይ ዝቐጸል ዓመት ውጥን ኣርነ ስሎት ከም ዝኣተወ ርጉጽ ኮይኑ ይርከብ። እዚ ይኹን እምበር ኣጥቃዒ ናይ ምውሳኽ ጉዳይ ከም ዘይተዛዘመ ይግለጽ። ሳላሕ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ እንክሉ፡ ንሊቨርፑል ናብ ዝልዓለ ደረጃ ከሰጋግራ ብምኽኣሉ፡ ሕጂ'ውን ማእከላይ ኣጥቃዓይ የድልያ'ዩ። ነዚ ቦታ ዝምልእ ከኣ እቲ ናይ ሕልማ ኮይኑ ዘሎ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ እዩ።

ዝሓለፈ ሰሙናት ኣብ ዝዘርግሑ ዜናታት፡ ሊቨርፑል ብዙሕ ኢሳቕ ካብ ኒውካስል ቀብጺያ ክበሃል እኳ እንተጸንሐ፡ ዝዘርግሖ ሓደሽ ሓበሬታ ከም ዘረድኦ ግን እቲ ጉዳይ ኸ እዩ



ዘሎ።

'ቲብኣር' ዝተባህለት ማዕከን ዜና፡ "ሊቨርፑል ምስ ወኪል ኢሳቕ፡ በቲ ኣብ ወርሒ መጋቢት ተራኺባ ዝገበረቶ ዝርርብ ኾና ምስ ምሉእ ድሌታ እያ ዘሎ" ትብል።

ኢሳቕ፡ ምስ ብሉጽ ወጽኢት ዘሎዋ ክለብ ብምጽኣ፡ ብሉጸንቱ ከንጸብርቕ ብዘሎዎ ድላይ፡ እዚ ናይ ሳላሕ ሓደሽ ውዕል፡ ናብ ሊቨርፑል ክጸንበር ክደፋፍኦ ከም ዝኽእል ድማ ይግመት።

ገዚፍ መጠን ደሞዝ መሓመድ ሳላሕ (400 ሽሕ ፖውንድ ኣብ ሰሙን ተባሂሉ ይግመት)፡ ሊቨርፑል ንኢሳቕ ክተምጽኦ ጽልዋ ክህልዎ ከም ዝኽእል እኳ ርዱእ እንተኾነ፡ እዛ ክለብ ግን ዝመጽእ ዓመት፡ ክልተኦም ጎደኒ ንጎደኒ ክስለፉ'ሞ ዓወታ ክብርኽ ልዑል ድሌት ኣሎዋ።

ኒውካስል ምስ ኢሳቕ ክሳዕ 2028 ዘጸንሐ ስምምዕ እኳ እንተገበረት፡ እዚ ሓደሽ ኩነታት ሊቨርፑል ግን ስግኣት ክፈጥረላ ይኽእል'ዩ። በዚ ኸኣ ምናልባት ደሞዙ ክዛበርኸሉ ትጸቢት ይግበር። ልዕሊ ኩሉ ግን ንዓመታ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ናይ ምስታፍ ተኽእሎኣ እንተ ኣውሒሳ ልቢ ኢሳቕ ክተርግእ ትኽእል'ያ።

## ሳዋ ብኽልቲኡ ጾታ ተዓዊታ

ሻምፕዮን ክነሶ መርበብ ዞባ ማእከል፡ ትማሊ ቀዳም ኣብ ሰዓታት ቅ.ቀ ተኻይዱ። ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ሳዋን መኾተን ኣብ ዘካየዳኦ ጸወታ፡ ኣብ ቀዳመይቲ ክፋል ሳዋ 25-ብ18 ረቲዓ። ኣብ ዝሰዓበ ጸወታ፡ ጋንታ መኾተ ብሊድያ ሰልጣንን ሓናዲ ሓፈዝን እናተቐለሰት



ዓብላልነት ብምርኣያ፡ 26-ብ24 ዛዚመን። ጋንታ ሳዋ፡ ብመገዲ ኣርሴማን ዮዲትን ተደጋጋሚ ነጥቢ ብምቁጻረን 25-ብ10፡ 25-ብ22 ወጽኢት ብምምዝጋበን 3-ብ1 ረቲዔን ወጺኤን። ንሳዋን ተሰፋን ዘራኸበ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ግጥም ከኣ፡ ብዓወት ሳዋ 3-ብ0 ተዛዚሙ።

ሰላም ምስ ክንፊ ኣብ ዘካየድዎ ጸወታ ድማ፡ ክንፊ 3-ብ1 ተዓዊቶም። ሻምፕዮን ክነሶ መርበብ ዞባ ማእከል፡ ሎሚ ካብ ሰዓት 1፡00 ድሕሪ ቐትሪ ጀሚሩ ኣብ ዝካየዱ ጸወታ፡

ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታታት 3ይ ደቪዥዮን፡ ፍትሒ ምስ ደምበ ሰምበል ክራኸባ እንከለዋ፡ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ ድያእ ምስ ደምበ ሰምበል ክጻወቱ'ዮም። ናይ ካልኣይ ደቪዥዮን ድማ፡ ዕዳጋ ሓሙስ ምስ ክንፊ፡ ድያእ ምስ ጋላ ነፋሒ ክጻወታ ምዃነን ካብቲ ፌደረሽን ዝበጽሓና ሓበሬታ ይሕብር።

## ገስጋስ ኣርሰናል ብኽልቲኡ ጾታ

### መን ንመን'ዩ ዝጸሉ ዘሎ?

ኣርሰናል፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ርብዒ ፍጻሜ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ንርያል ማድሪድ 3-ብ0 ረቲዓታ። እዚ ኣብ ልዕሊ ማድሪድ ዘመዝገቦ ዓወት፡ ኣብ ኢሚሬትስ ካብ ዘሕለፈቶም ብሉጻት ምሸታት ሓንቲ ኾይና ሰፊዳታ ሓሊፋ።

ኣርሰናል፡ ብመንገዲ ዴክላን ራይስን ሚከኤል መሪኖን እያ ናይ 3-ብ0 ዓወት ኣመዝጊባ። እዚ ኣብ ልዕሊ ማድሪድ ዝተጓናጸፈቶ ዓወት ግን፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ግጥም ርብዒ ፍጻሜ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘመዝገበቶ እንኮ ዓወት ኣይኮነን። ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ኣርሰናል ብዮዲኣ'ውን ኣብ ወርሒ መጋቢት፡ ኣብ ካልኣይ እግሪ ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ንማድሪድ 3-ብ0 እየን ረቲዐንአን።

እቲ ዘበርም ግን ወጽኢት ጥራይ ዘይኮኑ፡ ብዙሕ ምምስሳል ዘሎዎ ፍጻሜ ክኸሰት ምኽኣሉ'ዩ።

ናይ ክልተአን ወጽኢት ኣብ ሓደ ሜዳ (ማለት ኢሚሬትስ) ክኸውን እንከሎ፡ ክልተአን ጋንታ ኑተን ሸቶ ኣብ ካልኣይ እብረ ጸወታ እየን ኣቑጺረንአን። ኣብ ክልተአን ጋንታት ክልተ ሸቶ ዘመዝገቡ እንግሊዛውያን እዮም። ራይስ ንደቂ-ተባዕትዮ፡ ኣሊስያ ሩሶ ንደቂ-ኣንስትዮ። እታ ሳልሰይቲ ሸቶ ድማ መሪኖ ንደቂ-ተባዕትዮ፡ ማሪኦና ካልደተይ ከኣ ንደቂ-ኣንስትዮ፣ እቲ ዘበርም ድማ ክልተኦም ስጳኛውያን እዮም። እቲ ምምስሳል በዚ ኣይበቐዐን። ደቂ-ተባዕትዮ ዘመዝገብዎ ሸቶ፣ ልዊስ-ከልዩ ንመሪኖ ቀሪቡ(ኣሲስት) ክንብረሉ እንከሎ፡ ኮል ከልዩ ድማ ንካልደተይ ገይራትላ። እዞም ኣብ ክልተአን ጋንታ ቐሪቦ ዝገበሩ ድማ እንግሊዛውያን እዮም። ሳልሰይቲ ሸቶ ዘመዝገበ መሪኖ ቁጽሪ 23 ክሉብስ እንከሎ ሩሶ ድማ ቁጽሪ 23 ትወዲ።

እዘን ጋንታት ብዙሕ ተመሳሲልነት እዩ ዘሎወን፡ ኣብ ወርሒ ማስከረም'ውን ክልተአን ኣብ ሓደ መዓልቲ፡ ኣንጻር ሓንቲ ጋንታ ገጢመን ተመሳሳሊ ወጽኢት ኣምጺኤን ነይረን። ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ኣርሰናል ኣብ ፕሪመር ሊግ፡ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ኣርሰናል ኣብ ሱፐር ሊግ ደቂ-ኣንስትዮ፣ ምስ ማንቸስተር ሲቲ ተራኺቦን 2-ብ2 ተፈላልየን። እቲ ዘበርም ድማ፣ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ኣርሰናል፡ ንሊቨርፑል ተኸቲላ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ ክትርከብ እንከላ፡ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ፡ ንቸልሲ ሰዒባ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትርከብ።




ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጋንታ ኣርሰናል፡ ንርያል ማድሪድ ብድምር ክልተ እግሪ 3-ብ2 ረቲዓ፡ ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ሰጊራ ኣላ። ንናይ ደቂ-ተባዕትዮ ኣርሰናል ከ ይኸውሎም ዶ ይኸውን? ዝመጽእ ሰሙን ዝምለስ'ዩ።

## ተኽእሎ ምስላፍ ኦናና ኣብ ምልክት ሕቶ

ሓሙስ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ርብዒ ፍጻመ፡ ማንቸስተር ዩናይትድ ዓወት ርእዩ ኸም ትሰኽን ዝገበረ ኦናና፡ ሎሚ መዓልቲ ምስ ኒውካስል ኣብ እተካይዶ ግጥም ናይ ምስላፍ ተኽእልኡ ኣጠራጣሪ ኾይኑ'ሎ።

ኦናና፡ ቅድሚ ምስ ልዮን ዘካየድዎ ጸወታ፡ "ንሕና ዝበለጽና ኢና" ብምባሉ፡ ካብ ማቲች፡ "ኣብ ታሪኽ ዩናይትድ ዝሓመቐ ሓላዊ ልዳት" ዝብል መንደረጋሕ ቃላት'ዩ ዘረብዎ። ኦናና'ውን ንማቲች ሓቅኻ ኣሎኻ ክበሎ ግዲ ደልዩ፡ ኣብቲ ናይ ሓሙስ ጸወታ ንጋንታኡ ዝቐጽዓ ጌጋ ብምፍጻሙ፡ ማንዩናይትድ 2-ብ2 ክትወጽእ ተገዲዳ'ያ። ኣሰልጣኒኡ ሩበን ኣሞሪም ድማ፡ ኣብ ኦናና ጸኒዕካ ምቕጻል ዶ ዋላ ምቕያሩ ኣብ ዝብል ምርጫ ተቐርቂሩ ይርከብ።

ኦናና፡ ኣብ ኩሉ ግጥማት ናብ ሸቶ ዝተቐየሩ ሸሞንተ ጌጋ ብምፍጻሙ፡ ልዕሊ ኹሉም ሓለውቲ ልዳት ፕሪመር ሊግ ዋላኳ ተሰሪሁ እንተሃለዎ፡ ማንዩናይትድ ግን ንዕኡ ዝትክእ ዘተኣማምን ሓላዊ ልዳት ከም ዘይብላ ይንገር።

ነዚ ናይ ሓሙስ ጉድለት ዝተዓዘበ ዓሰልጣኒኡ ሩበን ኣሞሪም፡ "ዛ ወቕቲ ተተዓዚብኩም፡ ኣብዘን ናይ መውዳእታ ግጥማት ልዕሊ ኦም ኣነ ጌጋ ፈጺመ እየ። ስለዚ፡ ኣብዚ ግዜ ንኦናና ክሕግዞ ዝኽእል ዝበሎ ነገር የብለይን። እቲ ግዜ ምስ ኣኸለ ግን ዝበለጸ ዝበሎ ኽመርጽ'የ። እንተኾነ ግን ኣብ ልዕሊ ኦናና ልዑል ምትእምማን ኣለኒ" ኢሉ።

ጋዜጠኛ 'ደይሊ መይል' ግን፡ "ዋላኳ ኣሞሪም፡ ኣብ ልዕሊ ኦናና ልዑል ምትእምማን ኣለኒ እንተበለ፡ ኣብዚ ሎሚ ምስ ኒውካስል ዘካየድዎ ግጥም፡ ንኦናና ብ ኣታይ ባዪንደር ክትክእ'ዩ" ይብል።

ኣብ ዝመጽእ ክራማት ቁጽሪ ሓደ ሓላዊ ልዳት ንምርካብ ኣብ ዕዳጋ ሃሰው ይብል ከም ዘሎ ዝነገረሉ ኣሞሪም፡ 40 ሚልዮን ፓውንድ ተተሚኑ ዘሎ፡ ኣብ ዓይኒ ማንቸስተር ሲቲ፡ ኒውካስልን ፒኤስጂን ኣትዩ ኸም ዘሎ ዝነገረሉ፡ ናይ ሊለ ሓላዊ ልዳት ሉካስ ቸቫሊር ቀዳማይ ምርጫኡ ምዃኑ ይሕብር። ናይ በርንለይ ጀምስ ትራፎርድ እውን እቲ ኣብ ራዳር ዩናይትድ ኣትዩ ዘሎ'ዩ።

## ምልሶት ደ ብሩነ ምንቕቓሕ ይፈጥር

ማንሲቲ፡ ትማሊ ቐዳም ብክርስትያል ፓላስ 2-ብ0 ተመሪሓ ድሕሪ ምጸናሕ፡ ዝበለጸ ብቐዓት ናይዚ ዓመት ብምዝንባራቓ ጋማ ዓወት ክትኣስር በቒዓ።

ናይ ፐፕ ጓርዲዮላ ማንቸስተር ሲቲ፡ ኣብቲ ናይ ትማሊ ግጥም፡ በቲ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብዛ ጋንታ ኽሰናበት ምዃኑ ዝሓበረ ደ ብሩነ ዝገበሮ ኣስተዋጽኦ ህይወት ክትመልስ ክኢላ። በዚ ኣብ ሜድኣ ኣመዝጊብቶ ዘላ ናይ 5-ብ2 ዓወት ድማ፡ ኣብቲ ንተሳትፎ ሻምፕዮንስ ሊግ ዝግበር ዘሎ ህልኽ፡ ንኒውካስልን ቸልስን ኣብ ጸቕጢ ሸሚማቶን ትርከብ።

ኣብቲ ናይ ትማሊ ግጥም፡ ክርስትያል ፓላስ ኣብ ወሽጢ 21 ደቒቕ ክልተ ሸቶታት ብምምዝጋብ መሪሕነት ክትሕዝ ክኢላ ነይራ። ደ ብሩነ ብዘበርሮ ሓያል ጸዕሪ ግን ኣብ መበል 31 ደቒቕ ሸቶ ብምምዝጋብ ንሲቲ ናብ ጸወታ መሊሰዋ። ብድሕርዚ ሲቲ ኣከታቲላ ኣርባዕተ ሸቶታት ብምምዝጋብ ተዓዊታ ኽትወጽእ ክኢላ። በዚ ዘመዝገቦ ወጽኢት ድማ ኑታ ሎሚ ምስ ማንዩናይትድ እትገጥም ኒውካስል ብክልተ ነጥቢ በሊጻታ ትርከብ፣ ኒውካስል ግን ዝ ናይ ሎሚ ጸወታ ገዲፍካ ሓንቲ ጸወታ ጉደሎ ኣላታ። ፕሪመር ሊግ ሓሙሽተ ክለባት ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ክሳተፋ ምዃኑ ብምርግጋጹ፡ ክለባት ኣብ ሓያል ህልኽ ተጸሚደን ይርከባ።

## ኣብ መዛዘሚ ሻምፕዮንስ ሊግ መነ-መን ይራኸባ

ቀዳማይ እግሪ ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ፡ ዝሓለፈ ሰሉስን ረቡዕን ተኻይዱ። ነዚ ዝተኻየደ ጸወታ ምርኩስ ብምግባር ድማ፡ 'ሚታ' ኣብ ናይ መዛዘሚ ጸወታ ኽራኸባ ዝኽእላ ጋንታታት ብምሉእ ብኸምዚ ግምቱ ኣቕሪቡ ኣሎ።

ባርሰሎና-ኣርሰናል 25 ሚእታዊት፡
ባርሰሎና-ፒኤስጂ 22 ሚእታዊት፡
ኢንተርሚላን-ኣርሰናል 22 ሚእታዊት፡
ኢንተርሚላን-ፒኤስጂ 18 ሚእታዊት፡
ባየርመዩኒክ-ኣርሰናል 4 ሚእታዊት፡
ባየርመዩኒክ-ፒኤስጂ 3 ሚእታዊት፡ ባርሰሎና-ርያልማድሪድ 2 ሚእታዊት፡ ባርሰሎና-ኣስቶንቪላ 2 ሚእታዊት

ንሸኹም'ከ ኣብቲ 31 ግንቦት 2025 ኣብ ሙኒክ ጀርመን ዝዛዘም ጸወታ፡ መን-መን ይራኸብ ትብሉ?

## መርገም ማራካናዞ

### ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ስለምንታይ'ያ ጻዕዳ ሕብሪ ማልያ ትጸልእ?

16 ሓምለ 1950 ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ጻዕዳ ማልያ ብምልባስ ኣንጻር ኡራጓይ ክትገጥም ንሜዳ ወረደት። ብራዚል ክልተ ዕድል ሒዛ ንሜዳ ብምእታዋ ዋንጫ ኸም እትዓትር ርጉጽ እዩ ነይሩ። ተጻወታ'ውን ማዕረ ይኹን ዓወት የዋጽኦም ብምንባሩ፡ ኣብ ሪዮ ዲ ጀኔሮ ኣብ ዝርከብ እስታድዮም ማራካናዞ ተዛጺዮም ይጻወቱ ነበሩ።

ቀዳማይ እብረ ጸወታ ብዘይ ሸቶ እዩ ተዛዚሙ። ድሕሪ ዕረፍቲ ብራዚል ሓንቲ ሸቶ ብምቁጻር እታ ዋንጫ ኣብ መሬቶም ንኸትርፍዋ ውሕሰት ፈጠሩ። ኡራጓውያን ድማ ጻዕሪ ብምግባር ድሕሪ 20 ደቒቕ ናይታ ሸቶ ተመዓራርያም ሸቶ ኣመዝገቡ። ኣብ መበል 79 ደቒቕ ከኣ ኡራጓይ ካልኣይቲ ሸቶ ብምቑጻር ንዋንጫ ዓለም ንኻልኣይ ግዜ ኣብ ሕቆፍኦም ኣእተውዋ።

ብራዚላውያን ብወጽኢት ዓብዩ። ነዛ ኢጋጥሚ ድማ "ዝተረገመት መዓልቲ" እናበሉ ኽጽውዕዋ ጀመሩ። ኑታ ለበሶማ ዝተጻወቱ ጻዕዳ ማልያ ኸኣ ርጉምቲ ማልያ ብምባል ንሓዋሩ ኽይሉበስዋ ወሰኑ። ብድሕርዚ እታ መብልዕቶምን መለለይቲ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ዝኾኑተን ብጫ ማልያን ሰመያዊ ቀምጣን ክሉበስዋ ጀሚሮም። መርገምም ምስታ ጻዕዳ ማልያ ግዲ ጠፊኡ ዝ ብጫ ማልያ ለቢሶም ኣከታቲሎም ዋንጫ ዓለም ክዓትሩ ኸኢሎም።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ናቕ<br>ፋርማሲ ኪዳንምሕረት<br>ፋርማሲ ፋሚሊ | 13/04/2025 | ጎደና ዓይነት ቁ. ዣ 214 ከበቢ ፖስጣ ዕዳጋ ዓርቢ<br>ጎደና ሉሓርቲ - 835 ቁ.115፡ ከበቢ በ/ትምርቲ ሰምበል<br>ጎደና 195፡ 6 ከበቢ ባሕቲ ማስከረም፡ ጊ.ቤት መግቢ ሊባኖስ | 07120574<br>07113046<br>110740 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | ቁ.ቴሌፎን 127565